# ሓጺር ዜና ሃገራዊ ዋዕላ

## 7ይ መዓልቲ ሃገራዊ ጉባኤ




ዕለት 26 ሕዳር 2011 ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባታት፡ መብዝሕተአን ካብ እተን 7 ጉጅለታት ንድፊ ፖለቲካዊ ቻርተርን ንድፊ መሪሕ ሓሳብን ድሕሪ ርሱንን ተዓቅቦ-ኣልቦ ክትዓትን፡ መደባተን ክፍጽማ ክኢለን ኣልዋ። ኣብ ናይ ሎሚ ማለት ዕለት 27 ሕዳር ውዕሎ ንድፊ ህንጻ ሕጊ ኣርእስቲ ክትዕ ኮይኑ ክውዕልዩ። እዚ ኣርእስቲ ሎሚ ክውዳእ ትጽቢት ኣሎ።

ሰክሪታሪያ ጉባኤ ንጉዳይ ኣባል ኮሚሽነር ነበር ዳንኤል ተወልደ እተጻሪ ትማሊ ብ 5 ጉባኤኛታት ዝቐመት ሽማግለ ኣቕሪባ። ጉባኤኛታት ነታ ዝተሮቕሐት ሽማግለ ድሕሪ ምጽዳቕ፡ ክሳብ ዕለት 30 ሕዳር ስራሓ ኣጻርያ ንክተቕርብ ሓላፍነት ኣሰኪምዋ።